ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية المتحدة الارترية

# United Eritrean Democratic Front (U.E.D.F)

ነሓሰ 16 / 2015

# ቀዋሚ ሽማግለ

## ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

## ሳልሳይ ምዱብ ኣኼብኡ ኣካይዱ ፡፡

ቀዋሚ ሽማግለ ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሳልሳይ ምዱብ ኣኼብኡ ልክዕ ኣብ እዋኑን ግዜኡን ተጋቢኡ ካብቲ ዝሓለፈ ካልኣይ ምዱብ ኣኼብኡ ዝተረከቦም ውድባዊ መደብ ስራሓት ዝተተግበሩን ጌና ኣብ መስርሕ ዝረከቡን ብሓፈሻ ንምግምጋም ኣብ ዕለት 16 ነሓሰ, 2015 ታሪኻዊ ዋዕላ ኣካይዱ ፡፡

ቀዋሚ ሽማግለ ቅድሚ ናብቶም ክመያየጠሎም ዝወጠኖም ኣገደስቲ ጉዳያት ምእታዉ ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ምዱብ ኣኼባታት ዝተሰላሰሉ ፖለቲካውን ጸጥታውን ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ንጥፈታት ዝርዝር ጸብጻባት ካብ ዝምልከቶም ኣካላት ተቐቢሉ ፡፡

ብምቕጻል ኣብቶም ዝቐረቡ ዝርዝር ጸብጻባ ኣድላዪ ግዜ ተዋሂቡ ዕምቈ ብዝበለ ኣገባብ ዘትዩን ተመያይጡን ጭቡጥ ገምጋም ድሕሪ ምግባር ምስ ግዜን ወድዓዊ ኩነታትን ዝመዛዘን ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ክሰላሰሉ ዘለዎም ሓደስቲ መደባት ሓንጺጹ ንጉዳይ ኣፈጻጽምኦም ብዝምልከት ንጹር መምርሒታት ኣመሓላሊፉ ፡፡

ቀዋሚ ሽማግለ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ጉዳያት ብሓፈሻ ኣብ ህልው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ድማ ብፍላይ ብሰፊሕ ዘትዩ ዕቱብ ገምጋም ኣቐሚጡ ፡፡ ንህልው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ብዝምልከት ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ጋዜጣዊ መግለጺታትና ብሰፊሑ ኣስፊርናዮ እኳ እንተነበርና ሃለዋት ህዝብና ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ይውንጨፍ ብምህላዉ ደጊምና ምጥቃሱ ኣድላዪ ኮይኑ ይስምዓና ፡፡

ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ደርባዊ ባህርያቱ ዝዓደሎ ብሕሰምን መከራን ህዝቢ ዝሕጐስ ኣገደስቲ ቀረባት ናይ ህዝቢ ብምዕጻው ህዝቢ ኣደዳ ጥሜትን ዓጸቦን ተጋሊጹ ክጻወሮ ዘይክእለሉ ኩነታት የንጸላልዎ ከምዘሎ ክንሕብር ንፈቱ ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕማቕ እዋን ምስ ጐረባብቱ ዘለዎ ትሕዝቶ ተኻፊሉ ዝነብር ዝነበረ የዋህ ህዝቢ ሎሚ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንባህሉን ልምዱን በዊዙ ኣብ ነንሓድሕዱ ከምዘይተኣማመን ኣብ ምግባር ኣተኵሩ ይሰርሓሉ ኣሎ ፡፡ እዚ ብስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝተኣታቶ ዘሎ ፈላላዪ እከይ ተግባር'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ባኣግኡ ተረዲኡ ዝነበሮ ሰናይ ተግባርን ምክብባርን ዓቂቡ ካብ ኣድላዪ ዘይኮነ ምትፍናን ሓራ ኮይኑ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ሳዕቤናት ተሓታቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምዃኑ ክርዳእ ይግባእ ፡፡

ንሕና ከም ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ መጠን ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ረጽሚ ክንኣቱ ዝገደደና ኩነታት ባዕሉ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝፈጠሮ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ልዕልና ሕግን ስነምግባሩን ዘይቅበል ፣ ምስ ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ዝጓነጽ ፣ ክብረ ንጽህና ደቂ-ኣንስትዮ ተጋሂሱ ከም መጋየጺ ክትጥቀመለን ምፍታን ፣ ክብሪ ሰብ ሓዳር ተጋሂሱ ኣብ ጥንስን ሕርስን ዝወደቓ ደቂ-ኣንስትዮ ፍትሒ ንምርካብ ናብ ዝምልከቶ ትካል ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጥርዓን ኣቕሪበን ሰማዒ እዝኒ ብምስኣነን ፣ ክልተ ሰብ ሓዳር ብሕልና ዘይተቐበልዎ ህጻን እንዳማቶም ከዕብዩ ክግደዱ ከለዉ ምስ ባህልን ልምድን ህዝብና ዘይቃዶ ንጓኖት ከተሐጉስ ንዜጋታትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ ስለዝኾነ ንመሰል ህዝብናን ሃገርናን ንምኽባር ተገዲድና ዝኣተናዮ ጉዳይ ምዃኑ ከነረጋግጽ ንፈቱ ፡፡ ብተወሳኺ ሃገር እናባደመት ህዝቢ እናጸነተ ዋሕዚ ስደት ዘየቋርጽ ተርእዮ ኮይኑ መዓልታዊ ቅዝፈትን ህልቂትን ዜጋታትና ቃልዕ ወጺኡ ንዓለም ዘስደመሙ ህሞት ኣብ ዘለናሉ እዋን ናይ ዜጋታቱ ተሓታትነት ዘይቅበል ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብኹሉ መልከዓቱ ኣንጻሩ ዝግበር ጐነጻዊ ቃልሲ ሕጋውን ፍትሓውን ምዃኑ ንኣምን ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ኣብዚ ውድባዊ ስራሓት'ዚ ተዋፊሮም ንዝተዋህቦም ዕማም ክዉን ንምግባር ብትግሃትን ተወፋይነትን እናሰላሰሉ ንዘጋጥሞም ጽንኩር ኩነታት ተጻዊሮም ዘመዝግብዎ ዘለዉ ድርብ ዓወታት ብሓፈሻ እቶም ንመስመራት ጸላኢ ሰንጢቖም ኣብ ውሽጢ ህዝቦም ተሓቚፎም ብውሕሉል ጥበብን ስነምግባርን ክቡር ዋጋ ከፊሎም ህላዌ ህዝቦምን ሃገሮምን ዉሑስ ንምግባር ኣብ ልዕሊ ጸጥታዊ መሓውራት ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝወስድዎ ዘለዉ ኣራሚ ስጉምቲ ድማ ብፍላይ ፣ ንውፉያት ደባይ ኣሃዲታት ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ክብርን ሞጐስን ይብጻሓዮም ንብል ፡፡

ቀዋሚ ሽማግለ ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ድማ ብፍላይ ኣተኲሩ ኣብ ዝተመያየጠሉ ግዜ ብዛዕባ'ዚ ኣብ መንጎ ፈጻሚትን ኣሰናዳኢት ጉባኤን ተፈጢሩ ዘሎ ምስሕሓብ ኣብ ውሽጢ ቅኑዕን ግጉይን ዝብሉ ሓረጋት ኣቲና ርእይቶና ክይነፍስስ ነቲ ብልዝብ ክፍታሕ ዘለዎ ጉዳይ ስለዘይሕግዝ ብርእይቶና እቲ ብጽሑፍ ኮነ ብቓል ኣብ መድያ ዝወናጨፍ ዘሎ ጐስጓሳት ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘለዎ ደው ንኽብል ንጽውዕ ፡፡

ቀጺሉ ክልቲኦም ኣካላት ዝሰማምዕሉ መንጎኛ ሳልሳይ ኣካል ኣሳቲፎም እቲ ጉዳይ ኣብ ጣውላ ብዘተ ንኽፍታሕ ዘይተቖጠበ ጻዕሪ ንኽካየደሉ ነማሕጽን ፡፡ ምስ ኩሉ ዕቃቤታትና ባይቶ ከም ባይቶ ንኽህሉ ዘለና እምነት ንጹር ምዃኑ ከነረጋግጽ ንፈቱ ፡፡

ኣብ መደምደምታ ኣብ ህልው ውሽጣዊ ኩነታት ውድብና ስ.ደ.ግ.ኤ. ተመያይጡ ንሓያልን ድኹምን ጐድንታት ዳህሲሱ ንዚዕቀብ ዓቂቡ ነቲ ክመሓየሽ ዘለዎ ንዝምልከቶም ኣካላት ኣተሓሳሲቡ ኣገደስቲ ለበዋታት ብምቕባል ዋዕላኡ ዛዚሙ ፡፡

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ !

ውድቀት ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. !

ዘለኣለማዊ ክብሪን ዝኽርን ንስዉኣት !!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ፡፡